(1)

„ንንብብ ክንዕንብብ - ቍ.113/2021“
ብገርሃይኛ ኣዘራርባ ዝቀርብ ትምህርቲ
ለቡ/NB)፡ ሓበረታ ዚደሊ፣ ንኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ ክሓትት ይኽእል
Mühlrain 51, 70180-Stuttgart; Tel.. 0711-6494647, Fax- 0711-6491143
www.katho.südgemeinden-stuttgart.de: e-mail:-st.justindejacobisgeez-ritus@drs.de

# „PASCHAMYSTERIUM-CHRISTI.“

„ምሥጢር ብርሃን-ትንሣኤ-ክርስቶስ“፣ ታሪኻዊ ዚኾነ ሰንሰለታዊ ምትሕሓዙ፦ ካብ ዘመን-ኣቦና ሙሴ ኣትሒዙ፡ ክሳብ ነቢያት ንዘሎ ዘመን ኣጠቃሊሉ ይርከብ። ነዚ ክውንነታዊ እውነት'ዚ መሠረት ብምግባር ከኣ ኢያ፡ እታ ምድራዊት ሓቀኛ መራሒት-እኖ ዚኾነትልና ቅድስቲ ቤተክርስትያን-ክርስቶስ፣ ኣብ ዕለታት „ዘመነ-ዓቢይ-ጾምን“፣ ሰሙነ-ሕማማትን፣ ነቲ ሰንሰለታዊ ንዚኾነ ታሪኻዊ-ጕዕዞ ብሥራተ-ድሕነት ንመምሃርን፡ መተሓሳሰብን፡ ንምእንቲ ኪኾነና ኢላ፣ ተራ-ብተራ ሰራሪዓ ክትሰብከልናን፡ ከተስተምህረናን እትርከቦ። ንድሕነት ደቂ-ኣዳም ተባሂሉ ብኣምላኽ ዚተኣትወ ቃለ-ኪዳን፤ ምድራዊ ታሪኽ ንክህልዎ ናይ ግድን ብምንባሩ፣ ካብ'ቲ፡ ንዚቀደሙ ኣበውና ዚተተንብሃሎም ቃለ-ሕሹኾታን፡መልዕልተ-ባህርያዊ ግልጸትን፣ ንኣኣቶም ነቶም መበቍልና ንዚኾኑና ሰብኣውያን፡ እሞ ኸኣ ለባውያን ፍጡራት ዘማዕደወ ብምኻኑ፣ እነሆ ነቲ ዚተሓንጸጸ ግብሪ፡ ከነዘንትዎን፣ ኣብነታዊ ኰይኑና ከዓ ክን-ነብርሉን ንርከብ ኣሎና። ነፍስወከፍ ለባዊ-ፍጡር ንኪኸውን ዕድል ዚተዋህቦ ዘበለ፣ ካብ ድሕሪ ናይ ዕሸልነት ዘመኑ ኣኽቲሙ ለባዊነቱ ምስ ኣረጋገጸ፣ ማለት፦ ምልኣተ-ጥበብ ንኽኻዕብት እሞ ከኣ ሓጋዚ-ጐኒ ክረክብ ባይታ ምስ ተፈጥረሉ (ከም'ዚ ንሕና ኰይናዮ ዘሎና ማለት'ዩ)፣ እቲ ይ ብኣምላኽ ምስ ኣበውና ዚተኣትወ-ቃለ-ኪዳን ናይ ድሕነት፣ ናብ'ዚ ይ ሓዲስ-ኣባል ንዚኾነ፡ ዕቁር-ለባዊነት ኣኻዕቢቱ ዚተረኽበ-ፍጡር ተሰጋጊሩ'ውን፣ ንናይ ግላዊነቱ ታሪኽ-ድሕነት ንክትልምን፡ ንክሰላስልን ባይታ ይፍጠረሉ። ንትእዛዝ-ፈጣሪ ብዘይ-ምኽባር፡ ንዚተፈጥረ ናይ ጥልመት-ባይታ ንምትዕርራይ፡ ብኣምላኽ ጠመተ ተገይሩሉ'ዩ፣፣ በዚ ኸዓ፦ እቲ ይ ድሕሪ ውድቀት-ኣዳምን፡ ሔዋንን „ንሓደ-ጊዜው“ ዚተኣትወ እሙን-ኪዳን-እግዚኣብሔር፣ ንወትሩ፡ ካብ ዘመን-ንዘመን እና-ተወራረሱ ኪውለዱ ንዚርከቡ ሰብኣውያን-ፍጡራት፣ ምስ ነፍስወከፍና ሓዲስ-ትልሚ እና-ተለመልና፣ ንዘይ-ልወጥን፡ እሙን ንዚኾነን፡ ቃለ-ኪዳኑ ኪሓድሰልናን፡ ቀጻልነት ተፈጥሮና ከይ-ተበትከን ብምሕረት ተሰንዩ፡ ከም-ዚቅጽል ገይሩዎ ይርከብ። እዙይ ሎሚ ኣብ'ዛ ሰዓት'ዚኣ ብዕልልታን፡ ምስጋናን፡ እንትዝክሮ ዘሎና መንፈሳዊ ዝኽሪ እንብኣር፦ ታሪኽ-ድሕነት ደቂ-ኣዳም „ዘሓጕስ-ፍጻሜኡ“ ዚረኽበሉ፣ „ክርስቶስ“ ከኣ ካብ „ሞት“ ብዓወት ንናይ ምትንሳኡ ኩነት ዘመሳኽር፣ እሞ'ውን፦ ኣቦ-ሕይወት ብምኻኑ፡ „ሕያው“ ንናይ ምኻኑ ሃዋሁው እነበስረሉ ኰይኑና'ዩ ዚርከበልና፣፣ ስለ'ዚ! ንሕና ክርስትያን፡ ወይ'ውን እቶም ኣብ „ዘለዓለማዊ-ድሕነት እንኣምን“ ዘበልና ውሉድ፣ „ንታሪኽ ከም-ታሪኹ ጥራሕ ዓሚኹና እንሰብኽ ውሉድ ኣይ-ኮናን። ከምኡ ዚኾኑ ውሉድ ንኽንከውን'ውን ኣይ-ግብኣናን። ብኸመይ እንተ-በልና! እንኣምኖ ርካብና፦ „እምነተ-ድሕነት'ዩ“። እንኣምኖ ሃብትና፦ ንዚተኣትወልና „ቃለ-ኪዳን“ ናይ ኣምላኽ'ዩ። እቲ ይ „ቃለ-ኣምላኽ“ እንብሎ ርኽበት፡ ንዝኣምንዎ

„ሕይወት’ዩ“። እኳ’ውን ድኣ ብዝያዳ፣ ዚንበር፡ እሞ ኽኣ ንኽትነብር’ውን ርግጽነት ዚህበካ „ሃብቲ’ዩ“። ብኣንጻሩ፦ እቲይ „ታሪኽ“ እንብሎ ነገረ-ቃል ግን፣ „ዚዚንቶ“፡ እሞ ከኣ „ንሕይወት“ ምንም ናይ ምንባር ኣስተዋጽኦ ዘይ-ልግስ፣ ባዶ ዚኾነ፡ ብግዳማዊ ናይ ምስማዕ „ሕዋሳት“ ጥራሕ ኪስማዕ ዚርከብ’ዩ። ስለ’ዚ፦ ናይ „ሕይወት“ መበቈልን፡ መሠረትን፡ ንዚኾነ እግዚኣብሔር-ኣቦ፣ ክብረ-ኣምልኾን-ስግደትን ብምሃብ፦ ነቲይ ወልደ-ኣብ ወይ ከዓ ክርስቶስ ንዚተሰምየ ካልኣይ-ኣካል ናይ ቅድስቲ-ሥላሴ ንዚኾነ፣ ምስ „ሙታን“ ወይ’ውን „ምስ ዘይ-ህሉዋት“ ክህሉ ንዘይ-ግብኦ „ሕያው-ክርስቶስ“፡ ኣፍልጠና ብምእዋጅ፣ ንህልውና-ዕብየቱ እንምስክረሉ ዕለተ-ዕልልታ ኪኾነና ክርከብ ኣሎዎ፣ ሎምን፡ ኣብ እቲይ ቀጻሊ ዚኾነ ናይ ወትሩ ዕለታትናን። „ታሪኽ ዘመነ-ድሕነት“ መዓልቲ-መጸ፡ ዓመት-ብዓመቱ፣ ከም-ሕብሪ ነፋሒቶ ዚለዋወጠሉ ጠባይ ኣይ-ርከቦን እዩ። እዚ ማለት፦ ኣብ መፈለሚ ብስራተ-ዘመን ዚነበረ እሙን-ኣዋጅን፣ ሎሚ-ብሎሚኡ ዚድገም ሓቀኛ-ቃልን፣ ልክዕ-ዚኾነ ሕብሪ-ቀለም ዘሎዎ ኹይኑ’ዩ ኪቀርበልና ዚግብኦ። ዚተሓደሰ፡ እሞ ከኣ ዚማዕበለ ቃለ-ብሂል ተባሂሉ ተሸላሊሙን፡ ብሰብኣዊ ድኹም-ኣተሓሳስባ ኣጌጹን እንተ-ተቀላቂሉ፣ ለካስ እውነታው ካልእ’ዩ ነይሩ ኣቢሉ ናብ ጥርጥር ዘውርደና ኰይኑ ካብ ዚርከብ ሓሰተኛ ካብ ዚኾነ „ቃለ-ስብከትን“፡ „ቃለ-ኣምርን“ ክንጥንቀቅ ከም-ዚግብኣና ምጥንቃቅ ከድሊ’ዩ። ብኸመይ፦ እቲይ ንታሪኽ ዘመነ-ኣበው ፍጻሜ ሂቡ፣ „ሓዲስ ዘመነ-ድሕነት“ ዚኣወጀ „መድሕን ክርስቶስ“፦ „ንትማልን“፡ „ንሎምን“፡ „ንጽባሕን“፡ „ንወትሩን“፣ ተዝካረ „ትንሣኤኡ“ ናይ ዓወት ምኻኑ፣ እውነተኛ’ውን ምንባሩ ዚስበኸሉ፡- „ንሱ“ ንእንኮኡ ናይ „እውነት መሠረት“ ምኻኑ ኪከሓድን፡ ክልወጥን፡ ስለ-ዘይከኣል’ዩ። ስለ’ዚ፦ ክርስትያናዊ ዚኾነ ዕለታዊ-ዕዮና፣ „ንመንገዲ-እውነት“ መሪጽና፣ ክንክተላ ንኽንርከብ ጥራሕ’ዩ ሰናይ ምርጫና። ምኽንያቱ ኸዓ፦ „እውነት“፡ ሓራ እተውጽእ ጕደና’ያ። ብርሃን ከም-ዚበርህ እተግብር መንፈሳዊት ሓይሊ’ያ። ፍትሕን-ሰላምን ከም-ዚነግስ፣ ጥበብ ከኣ ከም-ዚስነቅ እተግብር፡ ዘይትሕለል ኣንቀሳቃሲት ሞቶር’ያ። „ኣማን-በኣማን፦ ክርስቶስ ኣብ ልዕሊ-ሞት ዓወት ኣዊጁ’ዩ’ሞ፣ ናይ’ዚ ድሕነት’ዚ ተኻፈልቲ ንምእንቲ ኽንከውን፡ እቲይ ዕጹው ዚነበረ ሆሃተ-ብርት ስለ-ዚተረሓወልና፣ „እወ-ኣሜን-ወኣሜን“፡ ብፍስሓ ክንኣቱ ኢና ዚብል ቃልና ንምሃብ ኣራእስና ነቅንዕ። ኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ/Abba Yosieph Beyed Awod: April-2021።